## Union of Tigreans in North America (UTNA)
**ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)**

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
UTNA67@verizon.net

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703

# እንኳዕ ንመበል 31 ብዓል ልደት ድምፂ ወያነ ትግራይ ኣብፀሐኩም!!

ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ዘስካሕክሕ ደርባዊን ብሄራዊን ወፅዓታቱ ተናጊፉ ሰላም፣ ፍትሒን ዴሞክራሲን፣ ልምዓትን ራህዋን ንኽረክብ መስተንክራዊ ቓልሲ እንተካይድ ንባዕሉ ጥራይ እንተይኮነስ ኩሎም ህዝቢታት ኢትዮጵያ መሰሎም ንኽኽበር መትከላዊ እምነት ሒዙ ፈላመይቲ ርችት ሓርነት ኣብ በረኻ ደደቢት እንትትኩስ ተጋደልቲ ደቁ ነዚ ሎሚ በፂሕናዮ ዘለና ናይ ሰላም፣ ልምዓትን ፍትሒን ዴሞክራሲን ራእይ ሰኒቖም ብቢሊዮናት ዘይትትካእ ክቡር ህይወቶምን ኣካሎምን መስዋእትነት ከፊሎሙሉ እዮም፡፡ እዚ ዕላማ ህዝቢ'ዚ ዓወቱ ንኽቀላጠፍ፣ ኣብ ጫፍ ንኽበፅሕ፣ ናይ ህዝቢ ድጋፍ ንኽህልዎን ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ዓወታትን ሓበሬታትን ናብ ኩሉ ንምብፃሕን ልሳን እቲ ቃልሲ ዝኾነ ሬድዮ ጣብያ ምምስራት ናይ ሞትን ሕየትን ሕቶ ኣብዝነበረሉ እዋን ዝተመስረተት ድምፂ ወያነ ትግራይ እንሆ 31 ዓመታት ኣቑፂራ፡፡ ካብ መሬት ኤርትራ ወፂኣ ኣብ ትግራይና ስርሓ ንኽትሰርሕ ምእንቲ ካብቶም **"ሬድዮና ኣብ ሓራ መሬትና"** ብዝብል ጭርሖ ብፕሮጀክት ሒዞም ብቐዳምነት ብምስላፍ ህዝቦም ብምትሕብባር ግቡእ ኣበርክቶ ካብ ዘወፈዩ ናይ ወፃኢ ማሕበራት **ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ** ሓደ ምንባሩ ታሪኽ ዝዝክሮ እንትኾን ዝምድና ማ.ተ.ሰ.ኣን ድምፂ ወያነ ትግራይን ኣብ ጠንካራ ህዝባዊ እምነት ዝተመስረተ ነባርን ድልዱልን ሓድነት ከምዘለዎ ምርዳእ ዘፀግም ኣይኮነን፡፡

ድምፂ ወያነ ትግራይ ከምቲ ዓይነ ብርኪ ቃልሲ ኮይና ዘገልገለቶ ሕዚውን ሰላም፣ ፍትሒን ዴሞክራሲን ልምዓትን ህዝብና ኣብ ምርግጋፅ ፍልፍል ዘተኣማምን ሓበሬታ ኮይና ትቕፅል ኣላ፡፡ ነዛ ውላድ ህዝቢን ብኣዕፅምቲን ደምን ጀጋኑ ዝተሃንፀት መርበብ ሓበሬታና ዘለና ናእዳን ኽብሪን ብስም ማእኸላይ ኮሚቴ ማ.ተ.ሰ.ኣ፣ ቤት ፅሕፈት፣ ኣባላትን ደገፍትን ከምኡውን ኣብ መላእ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ዘሎ ትግራዋይን እንዳገለፅና እንኳዕ ውን ነዚ ድሙቕን ኽቡርን መበል 31 ዓመት ድምፂ ወያነ ትግራይ ኣብፀሓኩም እንዳበልና ቀፃላይ ናይ ድምፂ ወያነ ናይ ስራሕ ዘመን ከምቲ ልሙድ ዕዉትን ኣሳልጦ ዝመልኦ ንክኸውን ሰናይ ትምኒትና ነመሓላልፍ፡፡

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣመሪካ/ማ.ተ.ሰ.ኣ.
ዋሺንግተን ዲሲ
ዲሰምበር 18፣ 2010